# ራእይ ዮሃንስ

## ራእይ 2፡18-29

| | |
|---|---|
| ትያቲራ፡ | ትእምርቲ ዘማዊት ማሕበር |
| ኣተኾሮ፡ | 2፡18 -19 |
| ዝንበብ፡ | 1ይ ቈረ 10፡1 - 22 |

ምንዝርና፡ ዕጥራን፡ ሽርሙጥና፡ ዝሙት፡ ፋይቶትነት ሕጊ ወይ ኪዳን ወይ ክልቲኡ ጥሒስካ ዝፍጸም ስጋዊ ርክብ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን እዩ። እቲ ኣጣሚሩ ምፍራስ ሕግን ኪዳንን ዝኾነ ድማ ዝሙት ይብሃል። ብተመሳሳሊ እቲ ንሕጊ ኣምላኽን ምስ ኣምላኽ ዝነበረካ ኪዳንን፡ ክርስትያን እየ እናበልካ፡ እናጠለምካ እትነብሮ ህይወት ድማ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሃይማኖታዊ ዝሙት እዩ። ማሕበር ትያቲራ ድማ ትእምርቲ ናይ ኣብ ሃይማኖታዊ ዝሙት ዝነብሩ ክርስትያናት እዮም።

ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ፡
ዘማዊ/ዘማዊት ክርስትያን
ከይኸውን ህይወተይ
ክምርምር ሓግዘኒ። ኣሜን!

## 1. ከተማ ትያቲራ

ትያቲራ ካብተን ሾብዓተ ከተማታት ናይ ራእይ ዮሃንስ፡ ኣብ ምዕራፋት ክልተን ሰለስተን፡ ዘለዋ ብደቡብ ምብራቕ ጰርጋሞስ እትርከብ እታ ዝነኣሰት እያ። ቀይሕ ቀለም ናይ ቀይሕ ሃሪ እትሰርሕ ከተማ ምዃና ዝና ነይሩዋ። ንኣና ክርስትያናት ግና ከተማ ናይ ልድያ፡ ናይ እታ ቀዳመይቲ ክርስትያን ናይ ኤውሮጳ ኣብ ፊሊጲ ትቕመጥ ናይ ዝነበረት ነጋዲት ሃሪ በዓልቲ ቲያቲራ ምዃና እዩ ዝናኣ (ግብ 16፡13-15)

## 2. ማሕበር ትያቲራ

ወንጌል ኣብ ትያቲራ ዝኣተወ በቲ ዘበን ሃዋርያት፡ ብ 51 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ እዩ - ድሕሪ እቲ ምንቕቓሕ ናይ ኢፌሶን (ግብ 19፡1 8-12)። ልድያ ተቐማጢት ናይ ፊሊጲ፡ እቲ ወንጌል ኣብ ከተማኣ፡ ኣብ ትያቲራ ክስፍሕ ተኻፋሊት ምንባራ ክንግምት ዘኽእለና ብዙሕ ምኽንያታት ኣሎና።

## 3. መለዮታት

ሰለስተ መለዮታት ናይ የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ትያቲራ፡

3.1. እቲ ኸም ሃልሃልታ ሓዊ ዝኾና ኣዒንቲ ዘለዋኦ እዩ።

እዚ ባህላዊ ኣዘራርባ እዩ። ብዛዕባ ነፍስ-ወከፍ ሰብ ኲነ ወይስ ኵነታት ዝኽወሎ ዘይብሉ፡ ላዕለ-ላዕሊ ዘይኰነስ ጥልቂ ዝርኢ፡ ከተዐሽዎ ድማ ዘይትኽእል ማለት የስምዕ።

ካልኦት ንኢዛቤል-መሰል ነብዩት ኢሎም ክንእዱዋ ከለዉ፡ ንሱ ኣመንዝራ ምዃና የሳጥሓ። እሞ፡ ጽቡቕ ምእንቲ ክኾነልናስ ናእዳና ኲነ ነቐፋና ካብ ክርስቶስ፡ ካብ እቲ "ኸም ሃልሃልታ ሓዊ ኣዒንቲ ዘለዋኦ" ይኹን። ኣቲ ንኢዛቤት ጽን ዝብል ከም ትያቲራዊ እዩ ዚኸውን። እቲ ዘቕስን ናቱ ቃል እዩ፡ ዘቕስን ድምጺ ናይ እቲ ስምዕዎ ተባሂሉ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ እዩ።

3.2. ኣእጋሩውን ዜንጸባርቕ ኣስራዚ ሊባ ኖስ ዚመስል እዩ።

ኣእጋር ምልክት ናይ ንመቓልስትኻ ምሕማቕን ትሕቲ ምልክኻ ምግባርን እዩ። እዚ ምግሃድ ናይ የሱስ ክርስቶስ ድማ በዚ መልክዕ እዚ፡ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ መንፈሳዊ ቃልሲ፡ ኣብ መንጎ ሓቅን ሓሶትን መን ክዕወት እዩ ንዚብል ሕቶ ትእምርታዊ መልሲ ዝህብ እዩ። ዜንጸባርቕ ኣስራዚ፡ ምስ ረሰነ ምርኣዩ ግርማ ዝመልኦ እዩ። ምስናይዚ ዘለዎ ጥንክርናን ሓይልን የመልክት። ኣእጋሩ፡ ኣብ ትበጽሖ የብልካን

ተባሂሉ ዝድፈር፡ ረጊጹ ድማ ዘየሕምም ጭቃ ዕሙስ ኣይኰነን። ብነድሪ ምስ ተንስአ እቶም ኣንጻሩ ዝለዓሉ ወይልኦም! “ካብ ቍጥዓ እቲ ገንሸል” የድሕነና (ራእ 6፡15 -16 መዝ 2 ንመልከት)

### 3.3 ወዲ ኣምላኽ ድማ እዩ።

ኩሉ ዝፈልጥ፡ ኩሉ ዝኽእል ምኻኑ ኣቐዲሙ፡ ብትእምርቲ ኣዒንቱን ኣእጋሩን ሓቢሩልና። እዚ ዓቕሚ እዚ ዘለዎ ድኣ መን እዩ?

መልሲ፡ በቲ ሳልሳይ መለዮኡ “ወዲ ኣምላኽ” ዚብል ይህበና። እዚ ድማ መለኮትነቱ ይሕብር። ኣብ ትያቲራ፡ ኣምልኮ ቄሳር ነይሩ። ስለዚ ድማ ንቄሳር ወዲ ኣምላኽ ይብልዎ ነይሮም። እዚ ግና ኣምልኮ ጣኦት እዩ። ሓደ ወዲ ኣምላኽ ኣሎ ንሱ ድማ የሱስ ክርስቶስ ምኻኑ ዮሃንስ ይነግረና። ወዲ ኣምላኽ ዝብል መለዮ ናይ የሱስ ክርስቶስ መለኮትነቱ ብብዙሕ መፈለጥታታት ዝሕብር ምኻኑ ሓዲስ ኪዳን ድማ ይምህረና።

እምብኣርከስ እቲ ጕዳይ ናይ ቤተ-ክርስትያን፡ እቲ ጕዳይ ናይ ወንጌል፡ መንነቱ በዚ ሰለስተ መለዮታት ኣፍሊጡና ዘሎ፡ ብመሰረቱ ናይ የሱስ ክርስቶስ ጕዳይ እዩ።

**ንሱ ከም ሃልሃልታ ሓዊ ዝኾና ኣዒንቲ ዘለዋኦ፡ ከም ፈኸራኡ ዝገብር፡ ተራ ሰብ ዘይኰነ መለኮት፡ ወዲ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ኣብ ቅድሚኡ ትያቲራውያን፡ ናይ ሃይማኖት ዘመውቲ ኰይንና ኽይንርከብ ንጠንቀቕ!**

## 4. ሓሙሽተ ናእዳታቱ ንማሕበር ትያቲራ

### 4.1 እፈልጥ ኣሎኹ።

የሱስ ክርስቶስ ነዛ ሓረግ እዚኣ ንነፍስወከፍ ማሕበር፡ መራሒ፡ ምእመን፡ ሾብዓተ ጊዜ ደጋጊሙ ይብላ። ኩሉ ዝሓለፈን ዘሎን ዝመጽእን ብዛዕባ ነፍስ-ወከፍ ማሕበር፡ መራሒ፡ ምእመን ዚፈልጥ፡ ተራ ፍጡር ከም ዘይኰነ “እፈልጥ ኣሎኹ” ብምባሉ ይነግር። ብዛዕባ ዝሓለፈን ዘሎን ታሪኽ ሓደ ፍጡር እውን ብኸፊል ክፈልጦ ይኽእል እዩ። እቲ ናይ ቀረባን መጻእን ድሕሪ ኣሽሓት ዓመታትን ዝኸውን ኣቐዲሙ ዝፈልጥ ግና፡ በይኑ እቲ ኩሉ ዚፈልጥ ኣምላኽ ጥራይ እዩ። እሞ፡ እቲ ጕዳይ ናይ ቤተ-ክርስትያን ጠቢቑ ዝከታተሎ፡ ነቲ ጕዳዩ ድማ ዝኣትዎ ምኻኑ ነቕልበሉ፤ ኣዳዕዲዑ “እፈልጥ ኣለኹ” ኪብል ዝኽእል ንሱ በይኑ ጥራይ እዩ። (መዝ 7፡9 ኤር 11፡20 ኤር 17፡9 -10 1ይ ሳሙ 16፡7 ድማ ንመልከት)

### 4.2. ዝርዝር ንሱ ዝፈልጦ ብዛዕባ ማሕበር ትያቲራ።

ንማሕበር ትያቲራ ብዛዕባኣም ዝፈልጦ ሽዱሽተ ዝንኣድሉ፡ ክልተ ድማ ዝንቀፍሉ ነገራት ይጠቕሶም፡-

1. ግብርኻ፡ ካብ ቀዳማዩስ ዳሕራዩ ኸም ዘበዝሐ እፈልጥ ኣሎኹ ይብሎም። ዝሰስን መንፍዓት ነይርዎም። ፍረ ክትፈርዩ ፍሬኹም ድማ ሰሳኒ ኪኸውን መደብኩኹም ዝበሎ፡ ብዙሕ ፍረ እንተ ፈረኹም ኣቦይ ይኸብር ዝበሎ ኣብ ማሕበር ትያቲራ ተራእዩ። ኣብ ማእከሎም ህርኾትና ብዛዕባ ምስፋሕ ወንጌልን ሕብረት ኣሕዋትን ሰሲኑ። በዚ ድማ የሱስ ክርስቶስ ባህ ኢሉዎ። ኲርሙያት ክርስትያናት ኣይነበሩን።

2. ፍቕርኻ እፈልጥ ኣሎኹ ይብሎም። ናብ የሱስ ክርስቶስን ናብ ምእመናን ባህ ኢሉዎም ጥብቕ ምባሎም የሱስ ክርስቶስ ተሓጕሱ። ካብታ ኣብ የሱስ ዘላ ፍቕሪ ዚፈልየኒ የሎን ዝበሎ ጳውሎስ ኣብኦም ተራእዩ (ሮሜ 8፡31-39)።

3. እምነትካ እፈልጥ ኣሎኹ ድማ ይብሎም። ብዙሕ ካልእ ኣምልኮታትን ምስኡ እተቛረነ ተጽዕኖታት ኣብ ዘለዎ ትያቲራ፡ ትምህርቲ “ኢዛበልን” መዓሙቕ ሰይጣንን ምስ ክርስትያን ምኻን ኣብ እተቘማጥዓሉ ከተማ፡ እምነት ብየሱስ ክርስቶስ እንታይ ማለት ምኻኑ ዘነጸርካዮ መትከልካ እፈልጦ ኣሎኹ እዩ ዚብሎም ዘሎ። ኣመንቲ ኣብ ትያቲራ ዓቢ ናእዳ እዮም

ተናኢዶም። በዚ ዘበንና፡ ከምኦም የማስለና።

4. ኣገልግሎትካ እፈልጥ ኣሎኹ ይብሎም። እዚ ማለት፡ ቁም ነገርካ፡ ኣሳልጦኻ፡ ተዋፋይነትካ፡ ንወንጌል ኣበርክቶኻ፡ ንማሕበር፡ ንክርስቶስ እፈልጥ ኣሎኹ። እንእደካ ኣሎኹ ይብሎም ንማሕበር ትያቲራን ንጓስኦም (ካህኖም)።

5. ትዕግስትኻ እፈልጥ ኣሎኹ ይብሎም። ማለት፡ ከይተሓለልካ፡ ከይሰልከኻ፡ ተስፋ ከይቑረጽካ ኣብ ልዕሊ ፈተናታት እናተዓወትካ ብእምነት፡ ብግብራ፡ ብኣገልግሎት፡ ብፍቕሪ፡ ምቕጻልካ ባህ ኢሉኒ ኣሎ ይብሎም።

## ሕቶ . . . .

ንሕናኸ ከም ኣመንትን ከም ማሕበርንሲ በቲ "ከም ሃልሃልታ ሓዊ ዝኾና ኣዒንቲ ዘለዋኦ የሱስ ክርስቶስ ብምንታይ ኮን ንንኣድ ንኸውን?

በቲ ብርሃን ቃሉ ብምንታይ ንንኣድ?

ይቕጽል . . . . . . . . . . . . . . . . . .